# ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ

## ብግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ
## ዝሕተም

ቅጺ. 1/1991 ቍ. 2

| ዕለት | ወርሒ | ዓ.ም. | ዋጋ |
| --- | --- | --- | --- |
| 20 | ሕዳር | 1991 | 5 ብር |

6. አመልካቲ ነቲ ዝጥለብ ሰብ ንምቅጻር ዝደለየሉ ምኽንያት

ስም ..........................................................................
ፊርማ .....................................................................
ዕለት .....................................................................

---

# ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 2/1991

## ዝምድና መንግስቲ ኣብያተ - ትምህርትን ወለድን ንምውሳንን ንምክትታልን ዝወጸ ሕጋጋት

1. ዘውጽኦ በዓል መዚ

ክፍሊ ትምህርቲ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ሕጋጋት'ዚ ኣውጺኡ ኣሎ ።

2. ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ሕጋጋት'ዚ " ኣብ መንጎ ኣብያተ - ትምህርትን ወለድን ንዝምስረቱ ዝምድናታት ንምውሳንን ንምክትታልን ዝወጸ ሕጋ ጋት ቍጽሪ 2 / 1991 ዓ.ም." ተባሂሉ ይጥቀስ ።

ቀዳማይ ክፋል ፡ ሓፈሻዊ

3. ትርጉም

(1) " ኣብያተ - ትምህርቲ " ነቲን ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትም ህርትን ናይ ዓበይቲ ትምህርትን ዝህባ ብመንግስቲ ዝካየዳ ኣብያተ - ትምህርቲ ይምልከት ።

(2) " ናይ መንግስቲ ኣብያተ - ትምህርቲ " ብመንግስቲ ዝካየዳ ናይ ህጻናት ፡ መባእታ ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃታትን ፡ ትምህርቲ ንዓበይቲን የጠቓልል ።

(3) " ክ/ትምህርቲ " ናይ መንግስቲ ኤርትራ ትምህርታዊ ፖሊሲ ተኸቲሉ ፡ ንኹሉ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘገልግል ስርዓተ - ትምህርቲ ዘጻሉን ፡ በዚ ስርዓተ ትምህርቲ'ዚ

አብ መላእ ኤርትራ ትምህርቲ ንምስፍሕፋሕ ዝዓይን ዝቆጻጸርን አካል ናይ መንግስቲ'ዩ ።

( 4 ) "ወላዲ" አብ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ውላድ ዘለዎ ሰብ ወይ ዋሕስ ወይ ድማ ተጸዋዒ ናይ'ቲ አብ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ ዝመሃር ተመሃራይ ኢዩ ።

( 5 ) "ኮሚተ ትምህርቲ" ንጉዳያት ትምህርቲ ዝከታተል አካል ኢዩ ።

4. አባል ናይ ትምህርቲ ኮሚተ

አብ ናይ ትምህርቲ ኮሚተ አባል ዝኸውን ሰብ ፡ ብኸባቢኡ ብጽቡቕ ጠባዩን ስነ-ምግባሩን ብምፍላጡ ፡ ብዝወሓደ ምን ባብን ምጽሓፍን ብምኽኣሉ ፡ ትምህርቲ ንምምዕባል ብዝህልዎ አበርክቶን ይምዘን ።

5. ተፈጻምነት ናይ'ዚ ሕጋጋት'ዚ

እዚ ሕጋጋት'ዚ ንዩኒቨርሲቲ ፡ ናይ ሞያ አብያተ-ትምህርቲ (ከም/ቤት ትምህርቲ ኪነት ፡ ምስልጣን መማህራን ፡ ቤት ትም ህርቲ ሙዚቃ ንዝኣመሰሉ ) ተፈጻምነት የብሉን ።

ካልኣይ ክፋል ፡- ኮሚተ ትምህርቲ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ

6. ምቛም ኮሚተ

( 1 ) ነፍሲ ወከፍ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ ንጉዳያት ትምህርቲ ዝከታተል ፡ ናይ ትምህርቲ ኮሚተ ይህልዎ ። ናይ ትምህርቲ ኮሚተ ተባሂሉ ከኣ ይጽዋዕ ።

( 2 ) ናይ ትምህርቲ ኮሚተ ተጸዋዕነቱ ነቲ ዝመረጾ አካል'ኳ እንተኾነ ፡ ብዛዕባ ስርሑን ካልእ ዝህልዎ ሓሳባትን ግን አብ'ቲ ከባቢኡ ንዝርከብ ተጸዋዒ ክ/ትምህርቲ ጸብጻቡ የቕርብ ።

7. አባላት ናይ ትምህርቲ-ኮሚተ

( 1 ) ናይ ትምህርቲ-ኮሚተ በዞም ዝስዕቡ አባላት ይቐውም ፡-

( ሀ ) ሓላፊ ቤት-ትምህርቲ ፡
( ለ ) ብዲሞክራሲያዊ አገባብ ዝምረጽ ሓደ ካብ መም ህራን ናይ'ቲ ቤት-ትምህርቲ ፡
( ሐ ) እቲ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ምስ ዝኸ

ውን ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝምረጽ ሓደ ካብ ተመሃሮ ናይ'ቲ ቤት - ትምህርቲ ፧
(መ) ካብ ወለዲ ተመሃሮ ፧ ብዝሕን ኣመራርጻን ብኣ ኼባ ወለዲ ዝውሰን ይኸውን ።
(2) ውሽጣዊ ኣቃውማን ኣሰራርሓን ናይ ትምህርቲ - ኮሚተ እቲ ኮሚተ ምስ ቆመ ብውሽጣዊ ሕጋጋት ባዕሉ የውጽእ ።

8. ስርሓት ናይ ትምህርቲ - ኮሚተ

(1) እቲ ቤት - ትምህርቲ እሩም ጠባይን ስነ - ምግባርን ዝሰፈኖ ንክኸውን ንሓላፊ ቤት - ትምህርቲ የማኽርን ይሕግዝን ፧
(2) ብዛዕባ ጠባያት ተመሃሮ ፧ ሽግራት ቤት - ትምህርትን መፍትሒኡን ፧ ካልእ ንቤት - ትምህርቲ ዝምልከት ጉዳያትን ንምምይያጥ ፧ ምስ ወለዲ ተመሃሮ ርክባትን ኣኼባታትን ይገብር ። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ'ውን ናይ መማህራንን ተመሃሮን ኣኼባታት ክገብር ይኽእል ።
(3) እቲ ቤት - ትምህርቲ ዘለዎ ሽግራትን ሕጽረታትን ኣጽኒዑ ፧ እቶት ዝርከበሉ ወይ'ቲ ሽግራትን ሕጽረታትን ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዝፍትሓሉ መደባት ሓንጺጹ ይዓዪ ።
(4) እቲ ቤት ትምህርቲ ብመንግስቲ ንዝወሃቦ ሓገዝ ወይ ባጀት ፧ ኣብ መዓልኡ ንኽውዕል ይቆጻጸር ።
(5) ንብረት ቤት ትምህርቲ ብዝግባእ ንኽዕቀብን ኣብ ትምህርታዊ ኣገልግሎት ንኽውዕልን ይቆጻጸር ።
(6) ትምህርቲ ምስ ግብርን ስራሕን ንምውህሃድ ፧ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ንዘውጽኦ መደባት ንምትግባር ፧ ንናይ'ቲ ከባቢ ህዝብን ቤት ትምህርትን የውሃህድ ። ኣብ'ቲ ከባቢ ንዝርከቡ ሰብ ሞያ ድማ ኣብ ትምህርቲ ከበርክትዎ ንዝኽእሉ ከምዝተሓጋገዙ ይገብር ።
(7) ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ስርሑ ብግቡእ ምስ ዘይፍጽም ፧ ኣብ ከባቢኡ ንዝርከብ ተጸዋዒ ክ/ትምህርቲ የፍልጥ ።

9. ዕድመ ናይ ትምህርቲ - ኮሚተ

ዕድመ ናይ ነፍሲ ወከፍ ናይ ትምህርቲ ኮሚተ ሓደ ዓመት ይኸውን ።

## 10. ናይ ኣኼባ ግዜ

(1) ናይ ትምህርቲ - ኮሚቲ ፡ ኣብ ወርሒ ሓደ ግዜ ይእከብ ።
(2) ካብ ኣባላት ኮሚቲ ሰለስተ ሰባት ኣኼባ ምስ ዝጠልቡ ወይ ኣቦ - ወምበር ናይ'ታ ኮሚቲ ምስ ዝሓትት ግን ካብ ወርሒ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣኼባ ኮሚቲ ይግበር ።
(3) ካብ ኣባላት ናይ ትምህርቲ ኮሚቲ ክልተ ሲሶ ምስ ዝርከቡ ምልኣተ - ጉባኤ ይማላእ ።
(4) ዝኾነ ውሳኔ ብብዝሒ ድምጺ ይውሰን ። ማዕረ ድምጺ ምስ ዝኸውን ፡ ኣቦ ወምበር ናይ ዝርከበሉ ወገን ድምጺ ይሰዕር ።

## 11. ስርሓት ሓላፊ ቤት - ትምህርቲ

ሓላፊ ቤት ትምህርቲ እዚ ዝስዕብ ስርሓት ይህልዎ :—

(1) ኣብ ቤት - ትምህርቲ ንዝርከቡ መማህራን ካልኣት ሰራሕተኛታትን የመሓድር ።
(2) ክ/ትምህርቲ ንኣተገባብራ ስርዓተ - ትምህርቲ ዘውጽኦ መምርሒታትን መደባትን ኣብ ግብሪ ከም ዝውዕል ይገብርን ይከታተልን ።
(3) ብመሰረት ኣካዳሚያዊ ዓመት (ዓመታዊ ናይ ትምህርቲ ወቅቲ) ፡ ምስ መማህራን ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ብም ትሕብባር ፡ ናይ'ቲ ኣካዳሚያዊ ዓመት ዝርዝራዊ ናይ ስራሕ ውጥን የዳሉን ትግባረኡ ከኣ ይቈጻጸርን ።
(4) ኣብ መስርሕ ምምህርና ዘገልግል ዓመታዊ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም (TIME TABLE) የዳሉን መማህራን ተመሃሮን ከምዝፈልጥዎ ይገብርን ። ንኸትግበር ከኣ ዕለታዊ ምቁጽጻር የካይድ ።
(5) ብዛዕባ ኣወዳድባ ናይ ክፍልታትን መምሃሪ ክፍልታትን መምርሒ የውጽእን ተግባራውነቱ ይከታተልን ።
(6) ናይ ዓይነታት ትምህርቲ ኣካላት (DEPARTMENT) የቖውም ። ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን መስርሕ ንኽሳለጥ ድማ ንመማህራን ብሓፈሻ ንሓለፍቲ ዓይነታት ትምህርቲ ድማ ብፍላይ ኣድለይቲ ዝብሎም ሞያዊ ሓገዛትን ሓበሬታን ይህብ ።
(7) ንትግባረ ናይ ትምህርታዊ መደብ ዘድልዩ መምርሒታት ትምህርቲ ፡ ቤት - ንባብ ፡ ንመምሃሪ ዝሕግዙ ነገ

ራት . . . ወዘተ የቕርብ ። ኣብ ስራሕ ምውዓሎም ድማ የረጋግጽ ።

(8) ንመማህራን ኣብ ናይ ምምሃር ምስትምሃር መስርሕ ዝሕግዙ ክልሰ - ሓሳባዊ ኣስተምህሮታት ንምሃብ መደባት የውጽእን የተግብርን ።

(9) መማህራንን ካልኦት ሰራሕተኛታትን በብስርሖምን ሞያኦምን ይምድብ ።

(10) ናይ መማህራን ውጥን ትምህርቲ ይርኢን ኣብ ግብሪ ኣወዓዕልኡ ይከታተልን ።

(11) ኣብ ቤት ትምህርቲ ንዝኣትው ሓደሽትን ካብ ካልኦት ኣብያተ ትምህርቲ ተቐይሮም ዝመጹን ተመሃሮ ይቕበል ። ንኹሎም ተመሃሮ ከኣ በብኽፍሎም ይምድብን ይድልድልን ።

(12) ተመሃሮን መማህራንን ዝዘናግዕሎም መደባት ይውድብን ይትግብርን ።

(13) ክ/ትምህርቲ ብዛዕባ ኣተሓላልፋ ሜላ "PROMOTION POLICY" ዘውጽኦ መምርሒ ተኸቲሉ ፡ ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ ንዝሕልፉ ተመሃሮ ምስ መማህራን ብሓባር ይውስን ።

(14) ንመማህራንን ካልኦት ሰራሕተኛታትን ኣብ ስርሖም ይቆጻጸርን ጉድለት ኣብ ልዕሊ ዝፈጸሙ ኣድለይቲ ስጕምቲ ይወስድን ።

(15) ተመሃሮ እሩም ጠባይን ስነ - ምግባርን ክምዝህልዎም ይገብርን ፡ ጉድለት ኣብ ልዕሊ ዝፈጸሙ ስጕምቲ ይወስድን ።

(16) ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ናይ ቤት ትምህርቲ ገንዘብን ንብረትን ይቆጻጸር ። ዝርወት ናይ ገንዘብን ንብረትን ኣብ ዝርኣየሉ እዋናት ከኣ ኣድላዪ ስጕምትታት ይወስድ ።

(17) ትግባረ መምርሒታትን ፡ ሕግታትን ፖሊሲታትን ይቆጻጸር ።

(18) ዝምድና ቤት ትምህርትን ኮሚኒቲን ንምድልዳል ወትሩ ይጽዕር ።

(19) ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ናይ ወለዲ መዓልቲ "PARENTS' DAY" ይገብር ። ንኸነታት' ናይ'ታ ቤት ትምህርትን ምዕባሌታታን ዝገልጽ ጠቕላላ ዓመታዊ ጸብጻብን ናይ ዝመጽእ ዓመት ናይ ስራሕ ውጥንን ከኣ ንወለዲ የቕርብ ።

## ሳልሳይ ክፋል ፡ ሓላፍነት ክፍሊ ትምህርቲ

12. ክ/ትምህርቲ እዚ ዝስዕብ ሓላፍነት ይህልዎ ፡

(1) ክ/ትምህርቲ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ትምህርታዊ ፖሊሲ ተኸቲሉ ፡ ንኹሉ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘገልግል ስርዓተ ትምህርቲ የዳሉ ።

(2) ክ/ትምህርቲ ፡ ንትግባረ ስርዓተ ትምህርቲ ዘውጽኦ መደባትን መምርሒታትን ናብ መንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ይዝርግሕን ይቆጻጸርን ።

(3) ክ/ትምህርቲ ካብ ናይ መንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ኮሚተታት ትምህርቲ ፡ ዝቐርብ ሓሳባት ኣጽኒዑ ይውስን ።

(4) ክ/ትምህርቲ ትግባረ ናይ'ዚ ሕጋጋት'ዚ ይከታተልን ይቆጻጸርን ።

(5) ክ/ትምህርቲ ናይ መንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ኮሚተታት ትምህርቲ ፡ ስርሐን ብግቡእ ምስ ዘይፍጽማ ፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ተራኺቡ ኣድላዩ ስጉምቲ ከምዝወስድ ይገብር ።

(6) ክ/ትምህርቲ ፡ ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ዘገልግሉ መማህራንን ሓለፍቲ ኣብያተ ትምህርቲን ፡ ክእለቶምን ደረጃኦምን ንምምሕያሽ መደባት የውጽእን ይትግብርን ።

13. ሕጋጋት ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ

እዚ ሕጋጋት'ዚ ካብ ሕዳር 1 ፡ 1991 ዓ.ም. ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል ።

ክፍሊ ትምህርቲ
ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ

ቤት ማሕተም ዶግለ 16115/91